ቲቢ

## ክታበት ቢሲጂ እንተዝወስድኽ?

ካብ ኣሜሪካ ወጻኢ ዘለዋ ብዙሓት ሃገራት ብፍላይ ንዕሸላት፣ ከም ኣካል ናይቲ ዝገብራኦ መደብ ምቁጽጻር ቲቢ ክታበት ባሲሊ ቢሲጂ፣ ወይ ባሲሊ ካልሜት-ጉሪን (BCG) ይጥቀማ። ውጽኢታዊነት ክታበት ቢሲጂ ዝተፈላለየ ኮይኑ፣ ምክልኻል ካብ ሕማም ቲቢ ምስ ግዜ ኣዝዩ ይንኪ።

BCG መርመራ ቆርበት ቲቢ ኣብ እንጥቀመሉ እዋን ናይ ሓሶት ፖዘቲቭ ምላሽ ከስዕብ ይኽእል። መርመራ ደም ቲቢ ብክታበት ቢሲጂ ኣይጽሎን እዩ፣ ውጽኢት መርመራ ድማ ናይ ሓሶት ኣወንታዊ ኣይህብን እዩ። ቢሲጂ (ወይ ከም ክታበት ወይ ንፍወሳ ካንሰር) እንተተቐቢልካ፣ መርመራ ደም ይምረጽ።




**Iowa HHS Tuberculosis Program**

Lucas State Office Building
321 East 12th Street
Des Moines, IA  50319-0075

**hhs.iowa.gov/public-health/tb**


Health and Human Services
Public Health

06 / 2024

ብዛዕባ ሕማም ቲቢ

# ሓቅታት ፍለጡ



Health and Human Services
Public Health

**ሕማም ቲቢ (TB)** ናይ ቀደም ሕማም ጥራይ ኣይኮነን። ብደረጃ ዓለም ሕጂ'ውን ሕማም ዓቦ ኣብ ዓመት ልዕሊ 1 ሚልዮን ውልቀሰባት ይቐትል። እንተዘይተሓኪሙ ካብ 2 ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት እቲ 1 ክመውት እዩ።

## ቲቢ እንታይ እዩ?

ቲቢ ብባክተርያ (ጀርም) ዝመጽእ ሕማም ኮይኑ፣ ብኣየር ኣቢሉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። መብዛሕትኡ ግዜ ቲቢ ንሳንቡእ (ናይ ሳንቡእ ቲቢ) ዝጸሉ ኮይኑ ግን ንኻልኦት ክፋላት ኣካላትና ከም ሓንጎል፣ ሊምፍ ኖድስ ወይ ዓንዲ ሕቖ እውን ክጸሉ ይኽእል።

## ሕማም ቲቢ ብኸመይ ይላባዕ?

ጀርምታት ቲቢ ዝላባዕ፣ ሕማም ቲቢ ዘለዎ ሰብ ክስዕል፣ ክሕንጥስ፣ ክዛረብ ወይ ክደርፍ ከሎ እዩ። ጀርምታት ቲቢ ዝሓዘ ኣየር ዝስሕቡዘስተንፍሱ ሰባት በዚ ሕማም ክልከፉክለኽፉ ይኽእሉ። ኩሎም ብባክተርያ ቲቢ ዝተለኽፉ ሰባት ኣይሓሙን እዮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ምስ ቲቢ ዝተኣሳሰሩ ክልተ ኩነታት ኣለዉ፦ ንሳቶም ድማ ዘይንጡፍ ቲቢ ወይ ስዉር ረኽሲ ቲቢ (LTBI)ን ሕማም ቲቢን እዮም።

## ኣብ መንጎ ዘይንጡፍ ቲቢን ሕማም ቲቢን እንታይ ፍልልይ ኣሎ?

### ዘይንጡፍ ቲቢ

ዘይንጡፍ ቲቢ ዘለዎም ሰባት ኣብ ኣካላቶም ጀርምታት ቲቢ ኣለዎም ግን እቶም ጀርምታት ንጡፋት ስለዘይኮኑ ኣይሓሙን። ዘይንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት እንተዘይተሓኪሞም ናብ ንጡፍ ሕማም ቲቢ ናይ ምስግጋር ሓደጋ ኣለዎም። ጀርምታት ቲቢ ንጡፋት ንኸይኮኑን ሕማም ቲቢ ንኸየስዕቡን ሕክምና ዘይንጡፍ ቲቢ ብትሪ ይምከር።

### ንጡፍ ሕማም ቲብ

ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ኣብ ኣካላቶም ብሰንኪ ዝርከቡ ጀርምታት ቲቢ ይሓሙ። ምልክታት ናይ ሳንቡእ ንጡፍ ሕማም ቲቢ እዞም ዝስዕቡ ከጠቓልሉ ይኽእሉ: ንልዕሊ ሰለስተ ሰሙን ዝጸንሕ ሰዓል፣ መግለጺ ዘይብሉ ክብደት ሰብነት ምንካይ፣ ሰዓል፣ ረሃጽ ለይቲን ድኻምን እዮም። ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ጀርምታት ቲቢ ናብ ካልኦት ከላብዑ ይኽእሉ። ንጡፍ ሕማም ቲቢ ብውጽኢታዊ ሕክምና ዝፍወስ እዩ። ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት እንተዘይተሓኪሞም ኣዝዮም ክሓሙን ክሞቱን ይኽእሉ።

## ንሕማም ቲቢ ብኸመይ ትምርምሩ?

### መርመራ ቆርበት

መርመራ ቆርበት ቲቢ እቲ ዝበዝሐ ዝውቱር ዓይነት መርመራ ቲቢ እዩ። ኣብ ትሕቲ ቆርበት ኣብ ቅልጽምካ ንእሽቶ ፈሳሲ (ቲዩበርኩሊን) ብምውጋእ ይፍጸም። ውጽኢት መርመራ "ፖዘቲቭ" ወይ "ነጌቲቭ" ምኳኑ ንምፍላጥ፣ ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ድሕሪ መርመራ ቆርበት ቲቢ ካብ 48-72 ሰዓታት ቅልጽምካ ክምርምሮ እዩ።

### መርመራ ደም

ካልእ ንሕማም ቲቢ ንምምርማር ዝሕግዝ መንገዲ ድማ ፍሉይ መርመራ ደም ብምጥቃም እዩ። መርመራ ደም ስርዓተ ምክልኻልካ ነቶም ንሕማም ቲቢ ዘስዕቡ ጀርምታት ብኸመይ ከም ዝምልስ ይዕቅን። ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ ነዚ መርመራ ካብ ቅልጽምካ ደም ክወስድ እዩ። ሓደ ብጽሒት ጥራይ እዩ ዘድሊ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ውጽኢት ኣብ ውሽጢ ሒደት መዓልታት ይርከብ።

| ዘይንጡፍ ቲቢ | ንጡፍ ሕማም ቲቢ (ሳንቡእ) |
|---|---|
| ፖዘቲቭ መርመራ ቲቢ (ምርመራ ቆርበት ወይ ደም) | እቲ ናይ ቲቢ መርመራ (ቆርበት ወይ ደም) መብዛሕትኡ ግዜ ፖዘቲቭ ኮይኑ ግን ነጌቲቭ ወይ ዘይተወሰነ ክኸውን ይኽእል። |
| ንቡር ራጂ ኣፍልቢ | ዘይንቡር ራጂ ኣፍልቢ |
| ምልክታት ዘይብሉ | ምልክታት፦ ንልዕሊ 3 ሰሙን ዝጸንሕ ሰዓል፣ መግለጺ ዘይብሉ ክብደት ሰብነት ምንካይ፣ ሰዓል፣ ረሃጽ ለይቲን ድኻምን እዩ። |
| ተላባዒ ኣይኮነን | ተላባዒ ክኸውን ይኽእል እዩ |
| ንጡፍ ሕማም ቲቢ ንምክልኻል ንዘይንጡፍ ሕማም ቲቢ ሕክምና የድልዮ | ኣንቲባዮቲክስ ተጠቒምካ ዝፍወስ |



## መርመራ ቲቢ ፖዘቲቭ እንተኾይኑኸ?

ወይ እቲ ናይ ቆርበት ወይ ደም መርመራ ኣወንታዊ እንተኾይኑ፣ ብጀርምታት ቲቢ ክትልከፍ ተኽእሎ ኣሎ። ወሃቢ ክንክን ጥዕናኻ እቲ ረኽሲ ቲቢ ናብ ንጡፍ ሕማም ቲቢ ከምዘይሰጋገር ንምርግጋጽ ራጂ ኣፍልቢ ክእዝዝ እዩ። ትሰዕዓል እንተኾንካ፣ ወይ ራጂ ኣፍልቢ ዘይንቡር እንተኾይኑ ተወሳኺ መርመራ ክድሊ ይኽእል።

## መርመራይ ቲቢ ፖዘቲቭ እንተኾይኑ፣ መድሃኒት ክወስድ ድየ?

እወ፣ ፖዘቲቭ መርመራ ቲቢ ንዘለዎም ሰባት ዳርጋ ኩሉ ግዜ ሕክምና ይምከር። ንዘይንጡፍ ቲቢ ዝምረጹ ስርዓታት ሕክምና ብተለምዶ ን3-4 ኣዋርሕ ኣንቲባዮቲክ ምውሳድ ዘጠቓልል እዩ። ንዘይንጡፍ ቲቢ ንምፍዋስ ኣንቲባዮቲክ ብምውሳድ፣ ኣብ ዕድመኻ ብ 70-90% ንጡፍ ሕማም ቲቢ ናይ ምህላው ተኽእሎኻ ክትቅንስ ትኽእል። ዘይንጡፍ ቲቢ ናብ ንጡፍ ሕማም ቲቢ ከይሰጋገር ኩሎም ኣንቲባዮቲክ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

ብጡፍ ሕማም ቲቢ ን 6-12 ኣዋርሕ ሓያሎ ኣንቲባዮቲክ ብምውሳድ ክፍወስ ይከኣል። ንጡፍ ሕማም ቲቢ ዘለዎም ሰባት ኣንቲባዮቲክ ወዲኦም ልክዕ ከምቲ ዝተኣዘዘሎም ክወስዱ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ሰባት ኣንቲባዮቲክ ምውሳድ ቀልጢፎም እንተ ኣቋሪጾም፣ እንደገና ክሓሙ ይኽእሉ። ነቲ ኣንቲባዮቲክስ ብትኽክል እንተዘይወሲዶም፣ እቶም ገና ብህይወት ዘለዉ ጀርምታት ነቲ ኣንቲባዮቲክስ ክጻወሩ ይኽእሉ። The Iowa HHS, TB Control Program ንዘይንጡፍ ቲቢን ንጡፍ ሕማም ቲቢን ንምፍዋስ መድሃኒታት ቲቢ ብነጻ ይህብ።